ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሕንጣሎ ዋጅራት ንቤት ናይ ማይ ሲስተም ምዝርጋሕ መለዋወጢ አቁሑ መኪናን ሞተር ሳይክልን ዝተፈላለዩ ካልኦት አቁሑትን አጫሪቱ ክገዝእን ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መስከረም 30, 2009 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 17, 2009 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ሕንጣሎ ዋጅራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 17, 2009 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ስራሕቲ ማይ/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግባእ ረቀሕታት

- ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ በቢዘፈሩ ዘለዎ
- ናይ ዘመኑ ንግዲ ፍቃድ ዘሐደስኩም ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝከፈልኩምን
- ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዝኮንኩምን
- ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለዩ ቁፅሪ ዘለዎ
- ናይ 2009 ዓመ ዝተሓደሰ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር ከቅርብ ዝክእል
- ኩሉ መረዳእታ ንናይ ማይ ሲስተም ፋይናንሻልን ቴክኒካልን Â ዋናን ቅዳሕን ነንበይኑ ኣብ ዝሰዓሸገ ፖስታ ከቅርብ ዝክእል
- መክበሪ ጨረታ ንዘፈር መኪናን ሞተርን መለዋወጢ አቁሑ 3,000 ቅርሺ ናይ ማይ ሲስተም ምዝርጋሕ 40000 ቅርሺ Â ብጥረገንዘብ ወይ በባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝክእል
- ወርሓዊ ሒሳብ ዘፍለጥኩምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉ
- ሰዓራይ ኣካል ጨረታ ካብ ዝሰዓረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 3ተ መዓልትታት ዉዕሊ ክአስር ዝክእል
- ሰዓራይ ኣካል ካብቲ ዝሰዓሮ 20% ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን እቲ ወረዳ ምዉሳክ ወይዉን ምንካይ ዝክእል ምካኑ ይገልፅ
- ኣብቲ ዝወፀ ሰነድÂ ጨረታ ወይድማ ስፐስፊኬሽን ስርዝ ድልዝ እንተሃኒዎ ካብ ጨረታ ወፃኢ ይከዉን
- ሰነድ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ወረዳ ሕንጣሎ ዋጅራት 100 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ቁፅሪ 8 ምዉሳድ ትክእሉ
- ብተወሳኪ ብመምርሒ ዕደጋ ክልልና ኣዋጅ ቁፅሪ 255/ 2007 ተፈፃሚ ይከዉን
- ሰዓራይ ኣካል ናይ መለዋወጢ አቁሑ ብናይ ባዕሉ መጋዕዝያ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሕንጣሎ ዋጅራት ከጋዓዕዝ ዝክእልን ናይ ማይ ሲስተም ድማ ጣብያ ማይ ነብሪ ብናይ ባዕሉ መጋዓዕዝያ ከቅርብ ዝክእል
- ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ 60 መዓልቲ ኣብ ኣየር ዝፀንሕ ክምዝክእል ብፊርምኦም ከረጋግፁ አለዎም
- ካብቲ ዝወፀ ጨረታ ብበጀት መሰረት ክንዉስክን ክንክን ከምንክል ነፍልጥ
- ሳንዱቅ ጨረታ 17 ጥቅምቲ 2009 ዓም ሰዓት 3 :30ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4 :00 ቅድሚ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ከይዲ ጨረታ ኣይተኣጎልን
- እቲ Â ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344370246 ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ ።

Â

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle